# ኤሪትራና ሎሚ ኣይትሸየጥ
# ኣይትፍንጨል ኣይትልወጥ

*ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ*
Norway 26/08/2010

ዘዋፍርዎ ዘለዉ ናይ ህግደፍ ወያጡ
ብዘይካ ተንኮል ካልእ ዘይፈልጡ
ተሸይጣ መስሊማ እናበሉ ከዋጥጡ
መሲልዎም ግብሮም ዘይተፈልጡ
ተኸሽሕኩም ቆርቦትኩም ቅለጡ

ኣስላሙ ክርስትያኑ ብሓባር ተላዒሉ
ኣንስትዮ መንእሰያት እንካብ ዓጠቕሉ
ዕንሆ ዋዕላና ታተ ይብል እግሪ ተኺሉ
እምነ ሰረት ኣውዲቑ እዝጊ መሪቑሉ
ህዝበይ ወጊሑዩ ሽግርካ ተቓሊሉ
ንዕጥይጥይ ዝብል ኣይተስተብህለሉ

ክፍተንዩ ህዝቢ ክበታትኑ ብደቂ ህግደፍ
ሀለውሎው ከም ዕቡድ ወልከፍከፍ
በተን ዘለዋ መርበባት ልሳነ ህግደፍ
ይውቅዑ ኮቦሮ ውድቀቶም ዘይተርፍ

ዘለና ንጠርነፍ ኣብ ሓደ መኣዲ
ከይበረሰት ከላ ዛ.ተካሊት ዓዲ
ንግደፎ ትንኩልና ዘራግ ዓውዲ
እናረአና ኣይንሃባ ንበላዕተኛ ነጋዲ

ኣለናካ ጥራይ ታይክዓብሰሉ ህዝብና
ንሕና ንደሊ ንሰላም ንራህዋ ዝመርሓና
ምርቓቕ ፍልስፍና ንዳሕራይ ይኹነልና
ብዘይ ዕጥይጥይ ቅድም ሃገርና ነድሕና
ጠማቲኣ ብዙሕዩ ንኤረ ከይምንጥሉና

ዘተሃላልኽ ስልጣን ድዩ? ተማቐልዎ
መፈጠሩ ዝጸልእ ኮለል ኣይተብልዎ
ብቕንዕና ብግብሪ ኣለናካ ቅሰን በልዎ
ተሰሪቱ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ኣሰላስልዎ
ድሕሪ ኣዲስ ኣበባ ኣስመራ ኣለና በልዎ

ኩሉዝምነዮ ሃገራዊ ዋዕላ ተጀሚሩሎ
ህዝቢ ተሃንጥዩ ሃንቀውሉ ይጽበዩ ዘሎ
ብዘይካ ህግደፍ ጽቡኽ ዘይምነ መናሎ?
ብዘይካቲ ሓሳዊ ሓቐኑ እሸርሩ ዘብሎ
ብናይ ሓሶት ብስብከት ኣስኪሩ ዘጸለሎ

ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ